# <u>መሰል እናሓተትካ መሰል ክትነፍግ ምድንዳን ቅቡል ኣይኮነን።</u>

*መሰል ዝንፈገሉ መልከዓት ብዙሕ፡ ደረጃኡ ድማ ዝተፈላለየ ምኽኑ ኣየካትዕን። ነፈግቲ መሰል ዝግለጽሎም መልከዓትን ደረጃን'ውን ከምኡ ዝተፈላለየ ክኸውን ውህቡ ነገር'ዩ። መሰል ምንፋግ ብደረጃ ውልቀ ሰባት ይፈጸም ብደረጃ ፖለቲካዊ ውድብ ድዩ መንግስቲ ድማ ናይ ቅኑዕ ኣተሓሳስባ ምልክት ኣይኮነን። ናይ ዓመጽ፡ ስሰዐ፡ ዕብለላ፡ ንዓይ ንበይነይ፡ በሓትን ኣዕናውን ኣተሓሳስባ መግለጺ'ዩ። ዝግበኦ ዝተኸልከለ መሰለይ፡ ሪመይ፡ እጃመይ ዝብል፡ ከከም ኩነታቱ ዘፍቅደሉ እንተስ ብሕጋዊ መንገዲ ወይ ብፖለቲካውን ዕጥቃውን መልከዓት ተወዲቡ መሰሉ ንምኽባር ዝሓትት ዝቃለስ ከኣ ናይ ብዱልን ቅኑዕን ኣተሓሳስባ መግለጺ'ዩ። መሰሉ ብሓይሊ ብዓመጽ ዝተነፍገ ብዱል ክሳብ ዝኾነ ከኣ፡ ቅድሚ ዝኾነ ካልእ ምኽንያት፡ መሰሉ ክሕለወሉ ክኽበረሉ ብሓሳብ ድዩ ብተግባር ክድገፍ ይግባእ። ካልእ ኢንታ ካልእ ስም ቅድሚት ሰሪዕካ፡ ዕንቅፋት ክትኮኖ ክትጻበኦ ቅኑዕ ኣይኮነን። ስለምንታይ'ሲ ካብ'ቲ መሰሉ ንምኽባር ዝጥቀመሉ መልክዕ ውደባ፡ እቲ ዝተነፍገ መሰል ስለዝቕድምን ዝኸብድን።*

*ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ፖለቲካ ኤርትራ ብእንኮ ሰብ ብዝምራሕ ናይ ውሑዳን ጉጅለ ተዓብሊሉ፡ ብዙሓት ደቂ-ሰባት ከም ሰባት፣ ዜጋታት ከም ዜጋታት፣ ህዝብታት ድማ ከም ህዝብታት ብዘይገደብ ክኅናጸፍዎም ዝነበሮም መሰረታዊ ሓርነታዊ መሰላት ተነፊጉ ኣሎ። ነፋጊ መሰል ጉጅለ ውሑዳን ከም ኣብ መልሲ ኣብዑር ብጌጋ ደረት ግራት ዘፍርስ ሓረስታይ ከይፈለጠ ወይ ተጋግዩ ዘይኮነ ብደይ መደይ ባህሪኡ ዝዓደሎን የርበሓኒ ኢሉ ስለዝመረጾን ዝኽተሎ ዘሎ ኣዕናዊ ፖለቲካዊ ኣንፈት'ዩ። በዚ ግጉይ በሓቲ ፖለቲካዊ ኣንፈት'ዚ፡ ደርባዊ፣ ብሄራዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ጾታዊ፣ ማዕርነታዊ ደሞክራስያዊ ሕቶታት ዝጠልብ ርእይቶታት ክፍጠር ውሁብ ነገር'ዩ። እዚ ከኣ ናይ ሓያል፣ ዘይንብርከኽ፣ መሰሉ ኣሕሊፉ ዘይህብ፣ ንቑሕን ውፉይን ህዝቢ መርኣያ'ዩ።*

*እዚ ዝተነፍገ መሰል ንምኽባር ዝመሰረቱ ሕቶታት፡ ካብ ዝተበተነ ዘይተወደበ ምኻን ሰጊሩ፡ ፕሮግራም ቀሪጹ፡ ብሕብረ ብሄራዊ፡ ብሄራዊ ድዩ ሃይማኖታዊ መልክዕ ተወዲቡ ናብ ዝቃለሰሉ ደረጃ ክምዕብል ይኽእል'ዩ። መሰለይ ጠቕመይ ክብረተይ ምባሉ፡ ካብ ብዘይተወደበ ናብ ዝተወደበ መልክዕ ተቓውሞ ምስግጋሩ ድማ ብኹሉ ሓቀኛ ደላዪ ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣጆኻ በርትዕ ዝብል ኩሉ ሸነኻዊ ምድግጋፍ፡ ምትብባዕ ዝግበኦ ንኡድ ሓሳብን ተግባር'ዩ። ስለዚ ከኣ ፖለቲካዊ ኣረኣእያኡ፣ መልክዕ ውደባኡን ከመይ ክኸውን ነይርዎ፡ ከመይ'ከ ኮይኑ ኣሎ ካልእ ጉዳይ ኮይኑ፡ እቲ ኣንጻር መላኺ መንግስታዊ ጉጅለ ኣነ ንደርባዊ ረብሓይ፣ ብሄራዊ ደሞክራስያዊ ማዕርነተይ፣ ሃይማኖታዊ ነጻነተይ ኢሉ ብዝተወደበ ኣገባብ ዝነጥፍ ዘሎ ምንቅስቓሳት፡ ኣብ ሕድሕዱ ኣፍልጦ ተወሃሂቡን ተኸባቢሩን ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ክቃለስ ይግባእ።*

*ኩሉ ኣብ ትሕቲ ዘቤታዊ መግዛእቲ ተቖሪኑ እናሃለው፡ ኩሉ ዝተነፍገ መሰሉ ከኽብር ተወዲቡ እናተቓለሰ እንከሎ፡ እቲ ሓደን ወሃቢ መሰል እቲ ካልእ ከኣ ካብ'ቲ ኣብ ጎኑ ዘሎ ኣንጻር ቀዳመይ ጸላኢ ይቃለስ ኣለኹ ዝብል ወገኑ ናይ ትኳቦ መሰል ክጽበ ዝደናደን ፖለቲካዊ ኣንፈት ክህሉ ኣይግባእን። ኣነ እከለ ንዝኸተሎ መልክዕ ውደባ ኣፍልጦ ኣይህቦን። ህልውናኡ ኣይቅበልን ምባል፡ ካልእ ገጽ ናይ'ቲ ጉጅለ ህግደፍ መሰረታዊ መሰል ዜጋታትን ህዝብታት ብወግዒ ነፊጉ፡ ንገዛእ ርእሱ ዘይተጻሕፈ ሕጊ ኮይኑ ብሓይሊ እናገዝአ እንከሎ፡ ንግዳም ሕጋውን ደሞክራስያዊ መንግስቲ ክመስል ዝገብሮ ከንቱ ፈተነ ዝመሳሰል ብምኻኑ ክእረም ዘለዎ ግጉይ ኣተሓሳስባ'ዩ። ብስነ-ፍልጠታዊ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ደረጃ ቁጽሪ ውድባት ክንደይ ክኸውን ነይርዎ፡ መልክዕ ውደባ'ኸ ብኸመይ ክቕረጽ ነይርዎ ካልእ ጉዳይ ኮይኑ፡ ብተግባር ግን ብዙሓት ፖለቲካዊ ውድባትን መልክዕ ውደባን ኣብ ባይታ ይዋሳእ ኣሎ። ፍጹም መላኺ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ፋሽሽታዊ ዝብል ፖለቲካዊ ሚዛን ዝተዋህቦ ዘቤታዊ ገዛእ ካብ ዘመሓድራ ዘሎ ሃገር፡ ንዝፍልፍል መሰለይ ዝብል ተቓውሞን መልክዕ ውደባን ኣብ'ታ ሃገር ዝያዳ ካልእ ሓለፋ ከም ዘለካ ወሃብን ከላእን ክትከውን ምድንዳን ሓላፍነት ዝጎደሎ ኣካይዳ 'ምበር፡ ንሎሚ ይኹን ንጽባሕ ሓቢርካን ተኸባቢርካን ንምንባር ዘተባብዕ ኣማራጺ ኣይኮነን።*

ኣብ ኣሰላልፋ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ደምበ ነፋጊ መሰልን ደምበ ሓታቲ መሰል ተነጺሩ'ዩ ክቕመጥ ዘለዎ። ሎሚ ዝበዝሑ ኤርትራውያን ዝሰማምዕሉን ዝቃለስዎ ዘለውን ነፋጊ መሰል ጉጅለ ህግደፍ'ዩ። ስለዚ ከኣ ንዝበዝሑ ህዝብታት ኤርትራ ጉጅለ ህግደፍ ብቃልስን ብቓልስን ጥራሕ ክውገድ ዘለዎ ደመኛ ጸላኢኦም'ዩ። ደምበ ጸላኢ ድማ ንሱ'ዩ። እቲ "ድሕነት ህዝብን ሃገርን ቅድሚ ኩሉ" ኣብ ትሕቲ ዝብል መድረኻዊ ጭርሖ ኣንጻር መላኺ መንግስታዊ ጉጅለ ዝቃለስ ዘሎ፡ መሰሉ ዝሓታት ዘሎ ከኣ ደምበ ፈታዊ'ዩ። ስለዚ መልክዕ ውደባ ጉልባብ ጌርካ ኣብ ደምበ ፈታዊ ምስ ዘለው ሓይልታት፡ ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢ ሓቢረ ኣይሰርሕን ሓቢርና ክንሰርሕ እንተደኣ ኮይና በዓል እከለ መልክዕ ውደባኦም ይቐይሩ፡ ወይ ኣብ ናይ ሓባር ግንባርና ኣይሃልው ዝብል ኣተሓሳስባ፡ ኣይኮነን ንቅልጡፍ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ከገልግል፡ ንኣቋውማ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ብልክዕ ዘንበበ ኣይመስልን። መሰል እናሓተተ መሰል ክነፍግ ዝደናደን፡ ሓቢርና ንስራሕ እናበለ ሓቢርካ ንምስራሕ ዝዕንቅጽ፡ ንካልእ ብድሕረት እናኸሰሰ ንገዛእ ርእሱ ካብ'ቲ ዝኸሶ ዘሎ ፖለቲካዊ ድሕረት ሓራ ምዃኑ ዘየርኢ ዝንቡዕ ኣተሓሳስባ'ዩ። ስለዝኾነ ድማ መሰል እናሓተትካ መሰል ካልኦት ክትነፍግ ምድንዳን ቅቡል ኣይኮነን።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 04-12-2017